# ሰንበት ዘኖላዊ

## ታሕሣሥ 23 2015ዓ.ም. (1/1/2023)

*መዝሙር፡* ኖላዊ ዘመጽአ ውስተ ዓለም...ቅድም እቲ ሙሴ ኣብ ኦሪት ዝተዛረቦ ነገሮም ዳዊት ድማ ኃይልኻ ኣርኢ ንዓ ኣድኅነኒ እቲ ጓሳና ካብ ሰማያት ወሪዱ እዩ እቲ ጓሳና ብጇ ኮይኑ ንዓለም ከድኅን እዩ ተኣዚዙ ንእስራኤል ጓስኦም ኮይኑ ከድኅን ወሪዱ መጸ፥ ንስኻ ብኣፍ ነብያት ዝመጸ ረዳኢ ኣምላኽ ኢኻ ናብ ሕዝብኻ ሰላም ስደድ ሕያዋይ ጓሳ ምስጉን ከማኻ ዝበለ መን ኣሎ ምእንቲ ህዝብኻ በጇ ክትከውን ብትእዛዝ ኣቦኻ ካብ ሰማይ ወሪድካ ንዕረፍቲ ሰንበት ሰራዕካ።

**ንባባት፡** ፍሊጲስዩስ 4፡4-7፥ 1ጴጥ 2፡21-ፍ፥ ግ.ሓ. 11፡22-ፍ፥ ሉቃስ 3፡10-18

**ምስባክ፡** ኖላዊሆም ለእስራኤል ኣጽምእ፥ ዘይሬእዮሙ ከመ ኣባግዐ ዮሴፍ፥ ዘይነብር ላዕለ ኪሩቤል ኣስተርእየ። ኦ ጓሳ እስራኤል ጽን በለና ኣታ ንህዝብኻ ንደቂ ዮሴፍ ከም መጓሰ እትመርሓና። ኣታ ኣብ ልዕሊ ኪሩቤል እትቕመጥ ተገለጽ።

ካብ ታሕሣሥ 1-26 ዘሎ ዘመነ ስብከት ይብሃል ምኽንያቱ ነብያት ናይ ጎይታ ብሥጋ ምምጻእ ኣግፊሖም ብትንቢት ብትምህርቲ ብምስትምሃሮም ምስባኾም፥ ቤተ ክርስትያን በዚ እዋን ንዝኽሪ ጥራሕ ዘይኮነ ነፍስወከፍ ንኣምላኽ ኣብ ልቡ ከሰናዱ ኢላ እትቀራርበሉ እዋን ስለ ዝኾነ። ናይ ሎሚ ሰንበት ብፍሉይ ዘኖላዊ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ክርስቶስ እቲ እንኮ ጓሳና ምኳኑ ተረዲእና ኣብ መጓሰኡ ክንርከብ ክንሓስብ ሕይወትና መንፈስ ኣምላኽ ለቢሱ ደቂ ኣምላኽ መጓሰ ኣምላኽ ዘብል መገዲ ክንሕዝ እሞ ደቂ ገዛ ኮና ደምበና ክነለሊ። እዚ ጓሳ ዝብል ካብ ጥንቲ ብነብያት ዝተነገረ እዩ። ኩሎም ነብያት ክርስቶስ ጓሳና ከምዝኾነ ተነበዩ፥ ባዕሉ ኢየሱስ ከአ እቲ ሕያዋይ ጓሳ ኣነ እየ እናበለ ኣስተምሂሩና (ዮሓ 10፡14)። ኣብ መአዲ ቅዱስ ቍርባን ምስ ሓዋርያቱ እንከሎ ሓደ መጓሰ ክንከውን ጸልዩልና። ናይ ኣምላኽ መጓሰ ኮና ክነብር እዩ ተፈጥሮና ኣብ ካልእ መጓሰ ክንሕወስ ድላይ ኣምላኽ ኣይኮነን። ሎሚ መጓሰና ኣለሊና ደንበና ክንኣቱ ኣምላኽ ይጽውዓና ኣሎ።

ናይ ሎሚ ወንጌል ዮሓንስ መጥምቕ ከም ሕያዋይ ጓሳ ኮይኑ ንህዝቢ ነቲ ዝመጽእ ሓቀኛ ጓሳ ክቕበሉ የሰናዱ ከም ዝነበረ ይነግረና። እቲ ህዝቢ ንስብከት ዮሓንስ ምስ ሰምዐ ብዝያዳ መምርሕን ሓበረታን ክሓትት ጀሚሩ። ኣብ ሓቀኛ ጓሳ ክበጽሕ እሞ ብኣኡ ክጓሰ ስለ ዝደለ ክሓትት ጀሚሩ። ዮሓንስ ከአ ክልተ ኣብነት ሂብዎም። መጀመርያ ዝንገር እቲ ህዝቢ ብሓባር፥ መኽፈልቲ ቀረጽ፥ ከምኡ ወተሃደራት። ኣብዚ ኣገዳሲ ነገር ዘሎ ናይ መኽፈልቲ ቀረጽ ምሕዋሶም እዩ። በይሁድ እዞም ሰባት ከም ደቂ ኣብርሃም ኣይሕሰቡን እዮም ነሮም ስለዚ ኣብ ግምት ኣይኣትዉን እዮም ነሮም። ኣብዚ እንዕዘቦ ፍሉይ ኣትኩሮ ሉቃስ ናብቶም ንውቓትን ብሕብረተ ሰብ ዝተገለሉን ምኳኑ ንርኢ። ነዞም ሰባት ክሰብኽ እንከሎ ዮሓንስ ኣብ ስርሖም ሓቅን ንኹሉ ኣብ ግምት ዘእተወ ተግባር ክኽተሉ ይነግሮም። ዕድመ ኣምላኽ ክቕበሉ እሞ ኣብ ቤቱ ክኣትዉ ደቂ ሓደ ኣቦ ክኾኑ ይነግሮም።

ዮሓንስ ዝሰምዐ ረኺቡ እንታይ ንግበር እናበሉ ዝሓቱ እሞ ክምለሱ ዝደልዩ። ሰብ ኣብ ልቡን ኣብ ኣስተንትኖ ርእሱን ምስ ኣቶ ዝሓቶ ሕቶ እዩ። ኣብ ርእስና እቲና እንተ ኸኣልና ንኣምላኽ ክንርኢ እሞ ክንቅይር ኣየጸግመናን እዩ። ልብና ሕይወትና ከይረኤና ኣብ ካልእ ዘዘንግዕ ጥራሕ

እንተ ረኤና ግን ክንርኢ ከጸግመና እዩ። ንርእስና ርኢና ክንክእል ምእንቲ እዚ እዋን ሓጋዚና እዩ፣ ዮሓንስ ሎሚ እውን ነተን ቃላቱ ይደግመልና ኣሎ። ኣብ ኣምላኽ ክንምለስ እንታይ ንግበር ኢልና ክንሓትት እዋኑ እዩ።

ካልኣይ ኣብነት ዮሓንስ ዝሃቦ ነቶም ንምጽኣት መስሕ ዝጽበዩ ዝነበሩ ዝኸተልዎ ዝነበሩ ንእኡ ዝኸውን መልሲ ዝሃቦ እዩ። ኣብዚ ኣነጺሩ ዮሓንስ ዝሓበሮ እንተሎ ንሱ እቲ ዝጽበይዎ መስሕ ከምዘይኮነ እዩ። ቀጺሉ ካልእ ዝመጽእ ከምዘሎ ነጊሩ። ኣብዚ እዋን ዮሓንስ እቲ ዝመጽእ መስሕ መን ምኳኑ ከምዝፈልጥ ሓበረታ የለን። ሓንቲ እንፈላጣ ዮሓንስ ብማይ የጠምቕ ከም ዘሎ እቲ ዝመጽእ ግን ብመንፈስ ቅዱስን ብሓውን ከም ዘጠምቕ እዩ። እዚ ነቲ ኣብ መዓልቲ ጰራቅሊጦስ ዝወረደ ከመልክት ዝብሎ እዩ።

ዮሓንስ ጸዋዕትኡ መግዲ ኣምላኽ ምጽራግ ንሰባት ኣብ ኢየሱስ ከም ዝበጽሑ ምግባር፣ ንሓቂ ዓው ኢልካ ምዝራብ እዚ ክሳብ ሕይወት ምሃብ ኣብጺሕዎ። ሰባት ኣብቲ ዝሰብኮን ሕይወቱን ዘይኮነ ኣብ መስሕ ክመጽኡ መገዲ ሓቢርዎም ንብዙሓት ከአ ኣብ ኢየሱስ ኣሳጊርዎም። እዚ እዩ ናይ እሙን ተጸባያይ መስሕ ሕይወት። ሎሚ ንሕና ነሕዋትና ኣብ ኢየሱስ ክነብጽሕ ቃላት ክርስቶስ እምበር ቃላትና ከይንዛረብ፣ ደፊርና ንሓሶት ንዝፈላሊ ንመንፈስናን ንእምነትናን ዘዝሕል ነገራት ክነጽግ ይሕብረና። ሓቂ ክትገብር መስዋዕቲ ውርደት ስቓይ ኣሎ እዚ ኣብ ሕይወት መድኃኒና ርኢናዮ ኢና። ሰባት ከይጸልኡኒ ኢልካ ናይ ኣምላኽ ነገር ምሕዳግ ንሰብ ኣብ ዝገደደ ክፍኣትን ኃጢኣትን እዩ ዘውድቖ።

ቅ. ሉቃስ ዮሓንስ ዝተጻወቶ ተራ ኣብ ምቅርራብ መስሕ ብሕይወቱ ዘርአዮ ኣብነትን ዝመስከሮን ንልቢ ብዙሓት ከም ዝተንከፈ ጽቡቅ ገሩ ይነግረና። ኣብዚ ብዝመስል ሉቃስ ንወንጌሉ ኣብ ዝጽሕፈሉ ዝነበረ እዋን ገለ ኣርድእቲ ዮሓንስ ዝብሉ ነሮም ይመስል ንእኦም ከረድእን ዮሓንስ እቲ መስሕ ከምዘይኮነ ክገልጸሎም ዝጸሓፎ እዩ ዝመስል። ናይ ዮሓንስ ተራ ወላ እውን ዓቢ ይኹን ድሕሪ ናይ ክርስቶስ እዩ። ኣብ መንጎ ዮሓንስ ኢየሱስን ቀጻልነት ኣሎ እቲ ዮሓንስ ዝሰበኾ ኢየሱስ መሊእዎ። ሞራላዊ ተሓድሶን ምንሳሕን ክልተ ቀንዲ ኣድለይቲ ነገራት ነቲ ኢየሱስ ዘምጽኦ ድሕነት እየን፣ ነዚ መንፈስ ክንለብስ እዩ ሎሚ እንሕተቶ ዘሎና።

እዚ ዘሎናዮ እዋን ፍሉይ ዝገብሮ ኣብ ደምበ ኣምላኽ ኣቲና ሕይወትና ምስ ኣምላኽ ክነወሃሃድ እዩ። ዮሓንስ መጥምቕ ነዚ ክሕብር እንከሎ ሕይወትኩም ቀይሩ ተነስሑ መዓልቲ ብርሃን መዓልቲ ድሕነት ይቐርብ ኣሎ እናበለ ሰባት ኣብ ምምጻእ መስሕ ክለብስዎ ዘለዎም ሕይወት ገሊጹ። ጊዜና ከቢድ እዩ ዘሎ ንኣምላኽ ከይንዝክር ንመገዱን ትምህርቱን ከይንስዕብ ዝዓግት መሊኡ ዝርከቦ ኮይኑ ኣሎ። ልደት ኣብ ልብና ክንአቱ እሞ ሕይወትና ተመሊስና ሕመቕና ክፍኣትና ኃጢኣትና ርኢና ክንክእል እሞ ብርሃን ክርስቶስ ክንቅበል ኢልና ኢና እንዝክሮ።

ሎሚ ብመንፈስ ከመሎኻ/ኺ ኣበይ ኣሎ ልብኻ ሕይወትካ እናተበሃሃልና ክንተሓታተት ዕድል ዝህበና እዋን እዩ። ልብና ካብ ኣምላኽን ሰብን ርሒቑ ንሓቅን ፍቕርን ዘይናትና ገርና ወሲድናዮ መለልይና ዘይናይ ክርስቶስ መንፈስ ለቢሱ ይኸይድ ኣሎ። ክርስቶስ ብኣፍ ሓዋርያቱ ብኣፍ ቤተ ክርስትያኑ ተመለሱ ንእይ ዝበቅዕ ሕይወት ልበሱ እናበለ ይዛረበና ኣሎ።

ንሳና ክርስቶስ እዩ ደቂ ሓደ ደምበ ኮና ክንርከብ እዩ ድላይ ክርስቶስ። ኣብ መንሰ እንተ ርኤና ብሓባር ክኾና ዝገብረን ብዙሕ ኣለወን። ኣብ ሓደ ቦታ ብሓባር ይነብራ፣ ሓደ ዋና ኣልኤን፣ ጽቡቅ ወይ ሕማቕ ብሓደ ይጸልወን፣ ሓደ መለልዩ ነገር ኣልኤን፣ ኣብ ሓደ መግቢ ይሳተፉ፣ እዚ ኹሉ መለልይኤን እዩ። ንስኤን ኣብ ማእከለን ኮይኑ ነዚ ነገራት ይመርሕ ይሕሉ ኮታ ማእከል ሕይወተን ኮይኑ ይመርሐን። መንሰ ብዘይ ንሳ ህላዌ የብለንን። ንሓና ሓደ ንሳና ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ ብኻልእ ክንትክእ ኣይንኽእልን ኢና፣ ዘንጊዕና ንሳ እንተ ቐየርና ንጥፍኣት ንሞት

ኢና እንቃላዕ። ካብ መንሰ ዝተፈልየት አደዳ ዋኒን እያ እትከውን። ቤተ ክርስትያን ደምበና እያ አብዛ ናይ ሓባር ገዛና ብማዕረ ክንጥቀመላ ነፍስወከፍና ከይትዝሕል ከይትዝኽትም ከይትጠፍእ ክንሕልዋ ክንከላኸለላ እንከሎና ጥራሕ ኢዩ ዕብየትን ጸጋን ዝበዝሕ።

አብ መንሳ ሓደ ፍሉይ ዝገብረን ንንስኤን ድምጹ መልክዑ ቁመቱ ኩሉ የለልይኦ። ብማዕዶ እንተ ጸውዔን ይሰምዓኦ፣ አብ ዝኾነ ቦታ ክመርሐን እንከሎ ይስዕባኦ፣ አብ መግቢ ዘልኦ አብ ማይ ዘልኦ ክመርሐን እንከሎ ሓልዮቱ ስለ ዝፈልጣ ይስዕባኦ። ንሱ አብ ማእከልን ንሰን አብ ከባቢኡ ምንባር ሓደ ይገብሮም። ንሕና ከም ደቂ ክርስቶስ እዚ እዩ ናታትና መንነት። ከም አርድእቲ ክርስቶስ ኩሉ ጊዜ ሕይወትና ልብና መንፈስና አብኡ ዘተኮረ ክኸውን ይግብኦ። ንእኡ ክነለሊ እንተ ዘይከአልና ድምጹ ክንሰምዕ እንተ ዘይከኣልና መንሰና ይደክም ወላ እውን ይጠፍእ። አብ ጓሳና ክርስቶስ ክንምለስ ክንንሰ ፍቓደኛታት ክንከውን አሎና።

ተንሲኻ ምኽአል፡

አብ ናይ ሰብ ነገር ሰብ ባዕሉ አብ መንሰ ክርስቶስ ክአቱ እንተ ዘይከኣለ ብሓይሊ ደፊኡ ከእትዎ ዝኽእል የለን። ክንንሰ እምብአር ናታትና ድለት ጻዕሪ ዓቢ ተራ አልኦ። አብ መንሰ ክርስቶስ ክንአቱ አብ መንጎ አሕዋትና እሞ ዝተፈላለየ ጠባይን መንፈስን ዘልኦም ስለ እንሕወስ መንሰና ርኢና ክንክእል አድላዪ እዩ። መዕበያን አተሓሳስባን አብ ሓደ መንሰ ምኧን ዓቢ ተራ አልኦ። ካብ ሓደ ከባብን ካብ ሓደ ባህልን ዝመጹ ሓድነት ክህልዎም ቀሊል እዩ ካብ ዝተፈላለየ ባህልን ዓድን ዝመጹ ግን ዝፈላሊ አልኦም ስለዚ ነዚ አብ ግምት አእትዮም ንሓድነቶም ክሰርሑ አብ ናይ ቅድስና መገዲ ዝወስዶም ክደልዩ ግድን እዩ።

አብ ጊዜ ምጽአት ልደት ክርስቶስ ናይ ክርስቶስ ክትከውን ዘብቅዓካ ሕይወት ክትሕዝ ቀዳምነት ሂብካ ምስንዳው። እዚ አብ ቤት አምላኽ ከም እንቕርብ ይገብረና። አብ ኢየሱስ ዝወስድ መገዲ ርኢና ክሳብ ዘይከአልና አብ ካልእ አድራሻ ክንከይድ ስለ እንኽእል መንፈሳዊ ሓባሪ (GPS) ክህልወና አድላዪ እዩ። ካብ መንሰ ክርስቶስ ክፈልየካ ካብ ዝኽእል ነገራት ምጥንቃቕ። ዘጋጊ ብዙሕ እዩ ካብ ሓውናን ክርስቶስን ብዝተፈላለየ መገዲ ክፈልዩና ዝጽዕሩ ብዙሓት እዮም ስለዚ ርኢኻ ምኽአል። ጸጕሪ በግዕ ተኸዲኖም ተኺሉ ከይጥቅዕኹም ተጠንቀቑ ይብልና ክርስቶስ። ካብ ፈታዊኤይ እምበር ካብ ጸልእየይስ ባዕለይ አሎኹ ዝብል ምስላ ሓቂ እዩ። እቶም መቕርብና ፈተውትና አዕሩኽትና አብ ጌጋ ከይመርሑና ምጥንቃቕ የድሊ። ሰብ ዓቢ ጸገም ኮይንዎ ዘሎ ሓቅን ሓሶትን ጎዳእን ዝጠቅምን ፈላሊኻ ዘይምኽአል። ነዚ ኹሉ መሚና ክንክእል እዚ እዋን ሓጋዚ እዩ።

እግዚአብሔር ጓሳና ሓላዊና ገርና ሕይወትና ንምራሕ ሽዑ አብ ዝኾነ እዋን በረኸት ክርስቶስ አብ መንጎና ክበዝሕ እዩ። እምብአር በዚ ብሩኽ ሰንበት ናይ ክርስቶስ ምኚና ፈሊና ክንርኢ ንአምላኽ ብንጹሕ ሕልናን መንፈስን ክንቅበሎ ጸሎት ንግበር አምላኽ ነዚ ንምግባር ጸግኡን ረድኤቱን የውርደልና። እግዚአብሔር ጓሳይየይ እዩ ዚጎድለኒ የብለን (መዝ 23) ኢልና እናጸለና ኩሉ ልብና ቀልብና አብቲ ምንጪ ሕይወትና ዝኾነ ክርስቶስ ጎይታና ንመለስ ነዚ ኸአ የብቅዓና።

አባ ንጉሠ ፍሥሓ